**ቐጺሎም ብዝስዕቡ ናይ ኢድመንተን ፖሊስ ግልጋሎት ምርካብ ይከኣል 'ዩ።**

ንቅጽበታዊ ሓደጋ 9-1-1 ይደውሉ።

ሃንደበታዊ ንዘይኮነ 780-423-4567 ይደውሉ።

ናይ ሞባይል መራኸቢ፥ #377

ምስማዕ ንዘይኽእሉ፡ 780-425-1231

ንዝበለጸ ሓበሬታ edmontonpolice.ca ይርኣዩ።

ብማሕበራዊ ሚድያ ይከታተሉና።

EDMONTON POLICE SERVICE

**edmontonpolice.ca/KnowYourRights**

## ኢፒኤስ ፖሊስ ጠጠው ክብለኩም ከሎ ወይኸዓ ከነጋግረኩም ከሎ ናትኩም ሓላፍነት፥

- ናይ ፖሊስ ሕቶታት ምምላስ ናይ ግድን ኣይኮነን። ዝኾነ ሓበሬታ ትህብዎ ብፍቓደኝነት ዝተደረኸ 'ዩ።
- ንእሱርቤት ዘውስድ ወይኸዓ ትኬት ዘውህብ ናይ ከተማ ሕግታት ይኹን ናይ ኣውራጃ /ክልል ሕግታት እንተጥሒስኩም ናይ ውልቂ ሓበሬታ ክትህቡ ኣለኩም።
- እንተዘይተኣሲርኩም ወይኸዓ ንጸጥታ ድሕንነት ሓደጋ እንተዘይኾይንኹም ፖሊስ ንብረትኩም ንምፍታሽ ኽሓትት ከሎ እምቢ ማለት ይከኣል 'ዩ።
- እንተዘይተኣሲኩም ምኻድ ይከኣል 'ዩ።
- እንድሕር ተኣሲርኩም ፖሊስ ብዝህቦ ሓበሬታን ድሕንነትን ብዝሓለወ መገዲ ሽዑንሽዑ ናይ ሕጊ ኣማኻሪ ምሓዝ ይከኣል 'ዩ።
- ናይ ፖሊስ ባጅን ቑጽርን ናይ ምሕታት መሰል ኣሎ።
- ፖሊስ ገዛ ዝፍትሽሉ ናይ ሕጊ ትእዛዝ እንተዘይሒዙ ወይኸዓ ናብ ገዛ ውሽጢ ንምእታው ዝዕድም ነገር እንተዘይተፈጢሩ ናብ ገዛ ኣይትኣቱን ምባል ይከኣል 'ዩ።
- ፖሊስ ገዛ ንምፍታሽ ናይ ሕጊ ትእዛዝ እንተሃልዩዎ ምሕታት ይከኣል 'ዩ።
- መኪና እናዘወሩ ፖሊስ ጠጠው እንተቢልዎም መንጃፍቓድ፥ ናይ መኪና ምዝገባን ኢንሹራንስን ምሃብ ግዴታ 'ዩ።
- ኣብ መገዲ ወሰን ናይ ትንፋሽ ፈተና ቅድሚ ምሃብ ናይ ሕጊ ኣማኻሪ ምንጋር ኣይከኣልን።
- ብፖሊስ ተታሒዝኹም መብትኩም እንተተጋሂሱ ፥ ብማዕረ ዓይኒ እንተዘይተርኢኹም ን ዋና ናይ ኢድመንተን ፖሊስ ኮሚሽን ምንጋር ይከኣል 'ዩ።

*እዙ ሓበሬታ እዙይ ብፖሊስን ሰባትን ዘሎ ምንቅስቓስ ሓፈሻዊ ሓበሬታ 'ዩ። ኹሉ ዝማልአ ናይ ሰባት መሰል ዝሓዘ ኣይኮነን። እዙ ሓበሬታ እዙይ ጠበቓ ተኪኡ ብውልቀ ምኽሪ ኣይህብን። ብጉዳይኹም ናይ ውልቂ ጠበቓ ምቑጻር ኣለኩም። እንተተኣሲሮም ፖሊስ ናትኩም መሰል ከንብበልኩም 'ዩ። ከምኡ'ውን ነጻ ናይ ሕጊ ምኽሪ ንምርካብ ስልኪ ቑጽሪ ክህበኩም 'ዩ።*



## ናይ ኢፒኤስ ፖሊስ ሓላፊነትን ናይ ህዝቢ መሰላትን

ገበን ምክልኻል ንህዝቢ ድሕንነት ጠቓሚ ’ዩ። ናይ ኢድመንተን ፖሊስ ግልጋሎት (ኢፒኤስ) ሓላፊነት ሂወትን ንብረትን ምሕላው ፥ ናይ ህዝቢ ሰላም ምርግጋጽ፥ ገበናት ምክልኻልን ፈሊኻ መፍትሒ ምንዳይን ’ዩ። ኢፒኤስ ምስ ሕብረተሰብ ብምትሕብባር ገበን ምክልኻል እንተዘይክኢሉ ናትና ዕላማ ምጽራይ ’ዩ ዝኸውን።

ኩሉ ሰብ ድሕንነቱ ክሕለወሉ መሰል ኣለዎ። ናይ ፖሊስ ሕጋዊ መሰረት ናይ ህዝቡ እምነት ኣብ ፖሊስ እንተገይርዎ ’ዩ። ፖሊስ ናይ ህዝቢ እምነት እንተዘየልዩዎ ውጽኢት ዘለዎ ስራሕ ክሰርሕ ኣይኽእልን። ኢፒኤስ ናይ ከባቢ ጸገማት ምርዳእ የድልዮ ’ዩ። ኢፒኤስ ናይ ሕድሕድ ኢድመንተን ነባሪ ሂወት ንምስትኽኻል ዕላማ ብምሓዝ ምስ ማሕበረሰብ ብቕርበት ብምስራሕ ገበናት ቅድሚ ምብጻሖም ምክልኻል ’ዩ።

ኢፒኤስ ገበን ንምክልኻል ኾነ መፍትሒ ንምእላሽ ሰባት ምስ ፖሊስ ብዝገብርዎ ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ኣድላዪ ’ዩ። ሰባት ምስ ፖሊስ ዝነብሮም ጻንሒት ብዝተመቸዎም ግዜ ንምግባር ገዲፎምዎ ናይ ምኻድ ሙሉእ ነጻነት ኣለዎም። እዚይ ማለት ግን ፖሊስ ሰባት ሕቶ ካብ ምሕታት ጠጠው ይብል ማለት ኣይኮነን። ነገርግን ንምእሳር ዘብጽሕ ጥፋኣት እንተዘየልዩ ማንም ሰብ ኩሉግዜ ገዲፍዎ ናይ ምኻድ መሰል ኣለዎ።

ናይ ኢፒኤስ ፖሊሳት ንቱ ዘገልግልዎ ማሕበረሰብ ንምፍላጥ ምስ ሕብረተሰብ ኣባላት ምቅርራብ የድሊ ’ዩ። እዚይ ኸዓ ናብ ሰባት ቀሪቡ ዝርርብ ንግግር ምጅማርን ዘማልአ ’ዩ። ናይ ኢፒኤስ ፖሊስ ፍትሓዊን ንኹሉ ብማዕረ ንምግልጋል ዝሰልጠነ ’ዩ።

ንኣብነት ፍልይ ዝበለ ምርመራ ዝግበር ተወሳኺ ምርመራ ወይኸዓ ናይ ጸጥታ ድሕንነት ዝርበሸሉ ኹነታት እንተተፈጢሩን ወይኸዓ ገበን ንምክልኻል ኣድላዪ ኮይኑ እንተተረኺቡን ጥራሕ ’ዩ።

ስለዝኾነ ምስ ፖሊስ ብዝነብረኩም ጻንሒት ናይ ባዕልኹም መሰልን ናይ ፖሊሳት ግደን ናይ ስራሕ ሓላፊነትን ምፍላጥ ኣድላዪ’ዩ። ቀጺሎም ዝተዘርዘሩ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ሓደ ፖሊስ እንታይ ክገብር ከምዘለዎ፥ ንስኹም ክትገብርዎ ዘይግበአኩም ከምዚይ ዓይነት ኩነታት ከጋጥመኩም ከሎ እንታይ ክትገብሩ ከምዘለኩም ዝሕብር’ዩ።

## ናይ ኢፒኤስ ፖሊስ ጠጠው ኣቢሉ ከነጋግረኩም ከሎ ፖሊስ ክኽተሎም ዘለዎ ግዴታታት፥

- ዓርሱ ከፋልጥ ኣለዎ።
- ንምንታይ ጠጠው ከምዘበለኩም ወይኸዓ ከነጋግረኩም ከምዝደለየ መብራህርሂ ምሃብ።
- ክኣስረኩም እንተኾይኑ ምኽንያት ክናገር ኣለዎ።
- እንድሕር ተኣሲርኩም ናይ ውልቀ ምስጢር ደሕንነትኩም ብዝሓለወ መገዲ ጠበቓ ናይ ምሓዝ ምኽሪ ክህብ ኣለዎ።
- እንድሕር ዘይተኣሲርኩም ናይ ምኻድ መሰል ከምዘለኩም ክናገር ኣለዎ ።
- ናይ ገዛ ፈተሻ ወይኸዓ ክትትል ዝግበር እንተኾይኑ ናይ ጽሑፍ ትእዛዝ ክህብ ኣለዎ።
- ናይ ምርመራ ግዜ ብምክንያትን በኣኽብሮትን ክኸውን ኣለዎ።
- ብዘይ ምኽንያት ካብ መጠን ንላዕሊ ሓይሊ ምጥቃም ይኹን ኣብ ንብረት ሓደጋ ከብጽሕ የብሉን።
- ንምርመራ ዝተትሓዘ ንብረት እንተሃልዩ ካብ ገበን ነጻ እንተተባሂልኩም ንብረቱ ኣብ 3 ወርሒ ውሽጢ ክምለስ ኣለዎ። እቲ ምርመራ ካብ 3 ወርሒ ንላዕሊ ዝወስድ እንተኾይኑ ንብረት ካብ 3 ወርሒ ንላዕሊ ክጸንሕ ኣለዎ ዝብል ናይ ሕጊ ትእዛዝ እቱ ፖሊስ ከቕርብ ኣለዎ።